# ትሩብለ

ትሩብለ ኣንቲ ትሩብለ
መዕቆቢ ዘይብልኪ መጽለሊ
መዕቀሊ ዘይብልኪ ማይ ክዛሪ
ዳዕሮ'ኳ ዘይብልኪ መውዓሊ
ሱሩ ነዊሕ ዝኸይድ ምድረ ምድሪ
ጎታን ብዓል ጽላል ንእምኒ ፈንቃሊ
ካብ ዓዲ ሓበሻ'ዶ ክልእከልኪ ዋሪ
ብዛዕባኺ እንታይ ከምነውሪ

ትሩብለ ኣንቲ ትሩብለ
ነጥናጥ ጐልጎል ወደብ ማእከል ባሕሪ
ነያ ጥልያን ኤርኪ መናሃሪ
ንዕሱብ መንእሰይ ኣብ እቶን መሕረሪ
ጉብጥሽ ዓስከር ናይ በርሙጣ ባሕሪ
ገበላኺ ዕጹው ከም ካርሸሊ
ሎምስ ሬሳ ምቕጻር ኣቢኺዮ ረሲዕክዮ ቍጽሪ
ንዒ እባ ሎምስ ሕሰቢ ምኽሪ
ናትክስ ጉዳም'ዩ ኣሪጉ ዘይበሊ
ክዳንካ ዘቕድድ መጻለሊ

ትሩብለ ኣንቲ ትሩብለ
ሓሳር ዝኣመልኪ ከም ትማሊ
ምረት ዝኣመልኪ ከም ትማሊ
ከይሓቑፈኪ ኰንኪ ረመጽ፡ ጓህሪ
ከይፈትወኪ ውሒድኒ ፍቕሪ
ብኣፍልጦ ዲኺ ትገብርዮ ዘለኺ ብሃውሪ
እንታይ ኣምጽኦ ሎሚኸ ትንዕ ትንዕ ትብሊ
ተነዲሖም ይመጹኺ'ሞ ትጐስምዮም ከም እኽሊ
ትሃዲኖም ይመጹኺ'ሞ ትጥሕርዮም ከም ነብሪ
ኣብ ቤት ማሕቡስ ትዳጉንዮም ከም ፈረሰ በቕሊ
ጽሓይን ንፋስን ትነፍግሎም ብመዓልቲ ቐትሪ
ኣስመራ ክትተፍእዮም'ክኣ ዒሕ ትብሊ፡ ትጻዓሪ
ሎሚስ ንእሽቶ ሕፈሪ፡ ሓርእኺ ስተሪ
ኰሉ እንትናኺ ኣይኹን ተሓጺብካ ኣብ ጸብሪ
ደቂ ደቆም ንዓስከር ጥልያን ሃሰስ ኣይትበሊ
እታ ልብና ዳግማይ ከይትኸሪ
ኣብ ባህልናስ ኣይብላዕን'ዩ ገንዘብ ሕድሪ

ኣለኪ ዛንታ ናይ ቀደም
ብኸበሮን ቃንዳይትን ዝቐዘም
ክትገድፎ እንተደለኻ ዘይህደም
ክትዓጽዎ እንተደለኻ ዘይድምደም
ኣብ ብራና ልብና ዝተጻሕፈ ብደም
እዚ ናትክስ ምርቓ'ድዩ መርገም
ግዛዕ የእዳው ሒዝኪ ከም መገልደም
በቦታትና ተባሂልኪ ቐደም
ካብ ዓዱ ርሒቑ ሰብ ንሞት ኣይትዓደም

ጥልያን'ውን ምሃዘ ኣብ ሃገርና ጋህሲ
ልሒኹ ዝኣቱ ሓድሽ ፈውሲ
እንዳኻፈየ ዝወርድ ፈሳሲ
ናይ ኣባጅጎ ዲና ክንብሎ ናይ ከይሲ
ክንፈልጦ ንፈልጦ ንቱናት ተኸሲ ብተኸሲ
ድሎ ከይትዕሎ እንዳበልካ ንግንባር ጣሕሳሲ
መርዛም ጋዝ እንዶ'ሞ መጸ ንኣካል ደናሲ
ንመሓውር ኮፍ በሉ ዝብሎም ብለምሲ
ቍሙ ኢሉዎም ዘይቆሙ ብቐሺ
ብዘይ ጥይት ብዘይ ተኸሲ
ብዘይ ደም ብዘይ ፈርሲ
ኣብ ሮማ ተቓሚሙ ኣብ ዓዲ ሓበሻ ተነስናሲ
ንዕኡ ውሒጣ ዘይትድሕን ነብሲ
እንትርፎ ተባሪኻ ክትፋኖ ቢላ እሺ
ለንቀነ ግና ክኸፍቶ ይደሊ ኣለኹ ነቲ ጋህሲ
ንብዓል ገበን'ክኣ ተቐበል ክብሎ ነቲ ኸሲ
ክንደይ'ኳ ከይሰምዓኒ፡ ከይህበኒ መልሲ
እንሆ ክብለኒ ንእሾኸ ልበይ መንቀሲ
እቲ ሓዳሪ ሕማመይ ተተረኽቦ ፈውሲ
ዛንትኡስ ነዊሕ'ዩ ዘሕድር ዘምሲ
ኣቦታትና ክብሉ ይብሉ ምሳኻ ዘይሓድር ኣየማሲ
ዓለም ኣንቂዳ ትርእዮ ኣላ ክኽፈት ሓድሽ ጋህሲ
ገኖሲድ ኢላ ትሽይሞ ጥቕሲ
ኣብ ካርቱም ተጠኒሱ ኣብ ዳርፉር ዝውለድ ሕርሲ
ሰብ ከእዊ የእዊ ንእንኮ ሰብ ሒዙ ርእሲ
ሎሚ ግን ንርኢ ኣለና እንኮ ሰብ ንምልየናት ከእዊ
ተሰቂሉ ኣብ ናሕሲ

ሰለሙን ይከኣሎ
የካቲት 2008
sykealo@yahoo.de